ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي

**Eritrean National Council for Democratic Change**

## ጋዜጣዊ መግለጺ

## 1ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት

ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ 1ይ ስሩዕ ኣኼባ ሎሚ 23 ታሕሳስ 2014 ብዓወት ኣሰላሲሉ።

ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት፡ ኣብዚ ፍሉይ ታሪኻዊ መድረኽ ዝተሰከሞ ሓላፍነት ብብቕዓት ንምፍጻም ዘክእሎ ዓሚቕን ሰፊሕን ገምጋም ኣብ ህልው ኩነታት ኣካይዱ። ዝሓለፈ ጉዕዞ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ታሪኽ ተቓውሞ ሓይልታት ደሞክራሲ፡ ንዝበዝሑ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፣ ሲቪክ ማሕበራትን ውልቀ-ሰባትን ዝሓቖፈ ዝሰፈሐ ጽላል ብምዃኑ፡ ከም ሓድሽ ኤርትራዊ ተሞኩሮ ዝውሰድ ሓያለ ሃገራዊ መኽሰባት ዝተሓፍሰሉ ዝሰፈሐ ጽላል ምዃኑ ኣስሚሩሉ። ካብ'ዚ ሓድሽ ተሞኩሮ'ዚ፡ ዝኸሰብናዮም ገድላዊ ጸጋታት ዓቂብካ፡ ንዝጸንሑና ሕጽረታት ብምፍዋስ፡ ንቅድሚት ምምራሽን ኣማራጺ ከምዘይብሉ ብምእማን፡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ዘቆሙ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ዕላማታትን ባህግታት ህዝቢ ኤርትራን ሎሚ'ውን ህያው ምዃኖም ኣረጋጊጹ።

ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤሃባድለ፡ ኣብዚ 1ይ ስሩዕ ኣኼብኡ፡ ዝቀደመ ፖለቲካዊ መሪሕነታት ኣብ ክሊ'ቲ ካብ ጉባኤ ኣዋሳ ዝወረስናዮም ርእያት ሕጸረታትን ኣብ መስርሕ ዘጋጠምዎ ዕንቅፋታትን ብሓደ ሸነኽ ብካልእ ሸነኽ ከኣ ብዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእቲ፡ ዘጣየሾ ጽላል፤ ዝተፋረቐ ፖለቲካውን ውደባውን መሰረት፤ ዝተጠረየ ኣወንታዊ ሓባራዊ ገድላዊ ተሞኩሮታትና፤ ከም ሓባራዊ መኽሰብ ንምዕቃቦም ፍሉይ ቀላሕታ ከም ዘድልዮ ኣጽንዖት ሂቡ ዘቲዩ። ኣብ ህጹጽ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ፡ ብሓላፍነታዊ ዓይኒ ምእንቲ ሓድነትን ቀጻልነትን ጽላልና፡ መሪሕነት ባይቶን ፈጻሚት ቤት ጽህፈትን ዝወሰድዎ መርገጽ፡ ሞጎሱ ድሕሪ ምግላጽ፡ ከም ሓደ ኣብነታዊ ታሪኻዊ ፍጻመ ክዕቀብን ብልክዕ ክንጸባረቕን ዝግብኦ ዘኩርዕ ታሪኽ፤ ምጅማር ሓድሽ ምዕራፍ ዘበሰር ፍጻመ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ፈ/ቤ/ጽ፡ ኣብ ህጹጽ ኣኼባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ዝተሓንጸጹ መድረኻዊ መደብ-ዕዮ መሰረት ብምግባር፡ ዝርዝር መደባቱ ሰሪዑ። በዚ መሰረት ድማ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምግባእን ተዓዋታይነቱ ንምውሓስን፡ ቀዳምነታት ዕማማቱ ብምንጻር ዝርዝር መደባት ኣብያተ ጽሕፈታቱ ኣጽዲቑ።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ካብቶም ቀዳምነት ዝሃቦም መደባቱ ምስ ኣካላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ቀጻሊ ዓውዲ-ዘተታት ብምስራዕ፡ ሓባራዊ ሃገራዊ መቆሚያታት ንምህናጽን ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ምቹእ ሓባራዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ንምፍጣርን ዓቲቡ ክሰርሕ ወሲኑ። ብተመሳሳሊ ንኩሎም ደለይቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝኾኑ ማሕበራዊ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ መሓውራት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ንጡፍ ናይ ቃልሲ ኣበርክቶ ዝገብርሉ ጭቡጥ ዝርዝራዊ መደባት ሓንጺጹ። ቭተወሳኺ ምስ ምሁራት፣ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ብሓባር ንምስራሕ ዘክእልዎ፡ መድረኽ ዘተን ምምኽኻርን ንምድላው ተበግሶ ክወስድ ወሲኑ። ከምኡ ውን ካላኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ዝሰፍሐ ጽላል ንምርግጋጽ ኣብ እንገብሮ ቃልሲ ኩሎም ካብ ኤሃባደለ ወጻኢ ኮይኖም ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ውድባት ይኹኑ ስቪክ ማሕበራትን ኣብ ክሊ እዚ ጽላል

ዓቕምታቶም ጠምሮም ብሓባር ንምቕላስ ተሳትፍኦም ከዕዝዙ፡ ክላዘቦም ቅሩም ምኽኑ በዚ ኣጋጣሚ እዚ እውን ከረጋግጽ ይፈቱ።

ፈ/ቤ/ጽ ንዝተሰከሞ ታሪኻዊ ሓላፍነትን ረዚን ጾርን ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ኩሎም መሻርክትን ኣካላትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፤ ከምኡ'ውን ካብ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝርባሑ መላእ ክፍልታት ሕብተሰብ ኣብ ጎኒ ፈ/ቤ/ጽ ተሰሊፎም፡ ንዝሓንጸጾም ሓባራዊ ገድላዊ መደባት ኣብ ምዕዋት ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ክፍጽሙ ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ንኣብያተ-ጽህፈታቱ ዝርዝር መደባት ኣነጺሩ ድሕሪ ምጽዳቑ፤ መንጎ ኣባላቱ ምደባ ኣብያተ ጽሕፈታት ብምክያድ፡ 1ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ዛዚሙ።

ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ
23 ታሕሳስ 2014